# ሓዲስ ዓመት 2018 ዓ.ም.

## ዘመነ ማርቆስ

መስከረም 1 2018 ዓ.ም. (መስከረም 11 2025)

ንባባት፡ 1ቆሮን 1፡17-25፥ ያዕ. 5:8-11፥ ግ.ሓ. 5:12-17፥ ማር 6፡14-29።

ምስባክ፡

1. ወትባርክ አክሊለ ዓመተ ምሕረትከ፥ ወይጸግቡ ጠላተ ገዳም ወይረውዩ አድባር በድው። ምጅማር ዓመተ ምሕረትካ ትባርኽ፥ በረኻታት ብጠለት ይጸግቡ፥ ጎቦታት በረኻ ይረውዩ መዝ. 65፡11-12።

2. አድኅነኒ እግዚኦ እምእለ ሮዱኒ እስመ ይኄይሉኒ ወአውጽአ እሞቅሕ ለነፍስየ ከመ እግነይ ለስምከ እግዚኦ፥ ንስምካ ምእንቲ ከምስግነካ ካብቶም ኃይሎሚኒ ዘለዉ ጸላእተይ አውጽአኒ መዝ. 142፡6-5።

ርሑስ ብዓል ሓዲስ ዓመትን ብዓል ቅዱስ ዮሓንስ እናበልኩ ንዅልዅም ሰናይ ትምኒተይ እናገልጸኩ ዓመት ሰላምን ፍቕርን፥ ዓመት ምዕባሌን ብልጽግናን ልዕሊ ዅሉ ኸአ ፍቕሪ አምላኽ ብዝያዳ አብ ሕይወትና ዝርአየሉ አብ ሃገርናን ዓለምናን ሰላም ዝነግሰሉ ዓመት ይግበረልና።

ባሕቲ መስከረም ሓዲስ ዓመት አቆጻጽራ ሃገርና እዩ። ነዚ ዕለት አሰንዩ ዝውዕል ብዓል ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ። አብ ጎሮሮሳዊ ባጎረ ሓሳብ ሓዲሽ ዓመት አብ ባሕቲ ጥሪ ማርያም አደ አምላኽ እናዘከሩ ይጅምርዎ፥ ንሕና ሓዲስ ዓመትና አብ መስከረም ሰማዕትነት ቅዱስ ዮሓንስ እናዘከርና ንጅምሮ። ትሓስቶን መንፈስን ናይ ኩሉ ባጎረ ሓሳባት ተመሳሳላይ እዩ። አብ ሓዲስ ዓመት ሓደስቲ መደባትን መምርሒታትን ገርካ ብተስፋ ዓመትካ እትጅምረሉ ስለ ዝኾንካ ወሳኒ ተራ አብ ሕይወት አለዎ። ዓመት ምቕጻር እንተ ኾይኑ አጀማምራና ሓንቲ ለውጥን ሓዲስ ነገርን ስለ ዘይብልና አይነፍርን ኢና ስለዚ ዓመትና ፍረ ክህልዎ ሓሲብና ንአና ብነፍስን ብስጋን ዝጠቕመና ነገር ሒዝና ክንአትዎ ይግብአና። ነፍስወከፍ ሓዲስ ዓመት ክንጅምር እንከሎና ፍሉይ መልእኽቲ ክንክተሎ ዝግብአና አለዎ።

መልእኽቲ ሓዲሽ ዓመት፡

1. **ሓዲሽ ዓመት ይእቶ አሎ።** ብሓዲስ መንፈስን ብሓዲስ ራእይን ዓመትና ንጅምሮ። አብዚ ዓመት መቅድም ኵሉ ምስ አምላኽይ ክገብሮ ዘሎኒ ነገራት ቀዳምነት ሂበ ክምድብ። አምላኽ በቲ ዝሃበኒ ጸጋ ተጠቒመ አብ አገልግሎት ድለት አምላኽ ከውዕል ክውስን ይግብአኒ። ከምኡ ምስ ከማይ ዝአመሰሉ አሕዋተይ ብፍቕርን ስኒትን ክነብር ኢለ መብጽዓ ክአቱ እሞ ብዅሉ ሰናይ ክገብር ኢለ ንሓዲስ ዓመት ክጀምሮ ክንብል።

2. **አምላኽ ብፍሉይ ክንጥቀመሉ ዝሃበና ጊዜ።** ንደቂ ሰብ ጊዜ ክውሃበና እንከሎ ክንጥቀመሉ እዩ፥ ማለት ተፈጥሮና አለሊና ብዅሉ ናይ አምላኽ ክንከውን ነቲ ውሃቢ አምላኽ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ክነብር። ዝውሃበና ዘሎ ጊዜ ብዅሉ ንአምላኽ ክንመስል ክንቅደስ፥ ሓቅን ሰላምን ርትዕን አብ መዓልታዊ ሕይወትና ክንምስክር ምእንቲ እዩ። ንጊዜ አምላኽ አብ አገልግሎት አምላኽ ተጠቒምና ክንክእል አሎና።

3. ብርጉእ መንፈስን ብሩህ ተስፋን ዓመትና ክንጅምሮ። ክርስትያን ሓደ ካብ ካልኣት ዝፈልዮ ወዲ ተስፋ እዩ። ክርስትያን ተስፋ ክቖርጽ ኣይናቱን እዩ። መሰረት ተስፋና ባዕሉ ክርስቶስ እዩ። ኣብ ኵሉ ሕይወትና ኣምላኽ ማእከል ሕይወትና ገርና እንተ ጀመርና ጉዕዞና መወዳእትኡ ፍረን ዕግበትን ዝህብ ክኸውን እዩ። ንኹሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኣምቢርና ዝክኣለና ንግበር ሽዑ ዝተረፈ ኣምላኽ ባዕሉ ክምልኣልና እዩ።

ሓዲስ ዓመትና እምብኣር ብንጹሕ ልብን መንፈስ ንጀምሮ። ፩ይ ንዝሓለፈ ጌገና ኣሪምና ሓዲስ ሕይወትን ርክብን ገርና ንጀምሮ። ንኣምላኽ በዲለ እየ ምሓረኒ ክንብሎ። ንሓውና ንሓፍትና ንዝበደልናዮ ብልብና በዲለ ኢልና ተኣሚና እቕረታ ክንሓትት። ፪ይ ነዚ ንጀምሮ ዘሎና ዓመትን ኣብ ኵሉ እንገብሮ ጉዕዞ ሕይወት ኣምላኽ ብጸግኡ ከሰንየና ክንልምኖ። ነዚ ዓመት ምሳኻ ክጅምሮ እሞ ከምቲ ዝሃብካኒ ኣፍራይ ኮይነ ክርከብ ሓግዘኒ ንበሎ።

ምጅማር ሓዲስ ዓመትና ምስ ቅዱስ ዮሓንስ ምኧኑ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ። ቅ.ዮሓንስ ካብ ጽንሰቱ ጀሚሩ ብኣምላኽ ንፍሉይ ተልእኮ ዝተሓርየ እዩ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ንዘካርያስ ልደት ዮሓንስ ክነግሮ እንከሎ ኣብ ቅድሚ ኣግዚኣብሔር ዓብይ ክኸውን እዩ፥ ገና ኣብ ከርሚ ኣዲኡ እንከሎ መንፈስ ቅዱስ ኪመልኦ እዩ፥ ንብዙኃት ካብ ደቂ እስራኤል ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኾም ክመልሶም እዩ (ሉቃስ 1፡15-16) እናበለ ኣበሲርዎ። ከምዝበሎ ኸኣ ኣብ በረኻን ኣብ ዓድን ሰቢኹ ንብዙኃት ኣብ ኣምላኽ መሊሱ። ንሱ ካባይ ዚብርትዕ ኣነ ደኒነ ስራኽ ኣሣእኑ ኽፈትሓሉ ዘይበቅዕ ብድኅረይ ይመጽእ ኣሎ (ማር 1፡7) እናበል ንልደትን ምጽኣት ክርስቶስ እቲ መስሕ ሰቢኹ። ኣብ ዮሓንስ 1፡6-8 ዘሎ እንተ ረኣና ንሱ ምስክር ኮይኑ ኵሎም ብእኡ ምእንቲ ኺኣምኑ ብዛዕባ ብርሃን ኪምስክር መጸ፥ ብዛዕባ ብርሃን ደኣ ኺምስክር መጸ እምበር ንሱ ብርሃን ኣይነበረን እናበለ መንነትን እንታይነት ዮሓንስ ይገልጸልና። ንኢየሱስ መን ምኧኑ ክነግር እንከሎ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ እንሆ ገንሸል ኣምላኽ (ዮሓ 1፡36) እናበለ ንሰዓብቲ ኣብ ኢየሱስ ከም ዝሰግሩ ገርዎም። ኢየሱስ ባዕሉ ብዛዕባ ዮሓንስ ክምስክር እንከሎ ካብ ኣንስቲ ዝተወልዱ ዘበሉ ካብ ዮሓንስ መጥምቕ ዚዓቢ ሓደ እኳ ከምዘይተንሥአ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ (ማቴ 11፡11) ኢሉ።

ዮሓንስ ንሓቅን ነቲ ዝኣምነሉን ካብ ምስባኽ ድሕር ኣይበለን። ሰባት ብትምህርቱን ሕይወቱን ዝረኣይዎ መሲጥዎም እንታይ ንግበር ኢሎሞ ካብቶም ህዝቢ ኣብ ዝሓተትዎ ክልተ ክዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ፥ ቀለብ ዘለዎ ድማ ኸምኡ ይግበር ኢልዎም፥ንተቐበልቲ ቀረጽ ከኣ ምስ ሓተትዎ ካብቲ ዝተኣዘዘልኩም ሕልፊ ኣይትውሰዱ በሎም። ንወተሃደራት ከኣ ንሓደ እኳ ኣይትግፍዑ ብሓሶት ውን ኣይትኸሰሱ ደሞዝኩም ይኣኽለኩም ኢልዎም (ሉቃ 3፡ 10-14)። ዮሓንስ መጥምቕ ነቲ ዘሎ ጌጋ ብንጹር ይቋወሞ ነሩ እዚ ኸኣ ኣብ ሞት ኣብ ጺሕዎ። ሄሮዱስ ኣንጢጳስ (ማር 6፡17-29) ሓደ ካብቶም ደቂ ሄሮዱስ ዓቢ እዩ ነሩ፥ ንሱ ንቀዳመይቲ ሰበይቲ ፈቲሑ ንሰይቲ ሓዉ ሄሮዲያስ ብዘይ ሕጊ ስለ ዘአከባ ዮሓንስ ብዘይፍርሒ ካብ ኃጢኣቱ ክምለስ ነጊርዎ በዚ ምኽንያት ከኣ ንሞት ተፈሪዱ ብሰማዕትነት መይቱ።

ኣሰር ቀዳሞት ነብያት ብምኽታል ንመራሕ ሃገር ብድፍረት ብዝገበሮ ዘይሞራላዊ ኃጢኣት ዓው ኢሉ ብድፍረት ክፍኣቱ ነጊርዎ። ንንጉሥ ቃል ኪዳኑ ክከኽብር ኣብ ኪዳኑ እሙን ክኸውን ብድፍረት ነጊርዎ። እንተ ኾነ ዝሰምዕ እዝኒ ኣይረኸበን ሄሮዱስን ሄርድያዳን ኣብ ዝሙት ይነብሩ ነሮም ንዮሓንስ ከኣ ዋጋ ሕይወቱ ከም ዝኸፍል ገርዎ። ነብያት ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ሓዲስ ኪዳን እውን ከምኡ ኣብዚ እዋና ልኡኻት ኣምላኽ ንሓቂ ክነግሩ ከለዉ ብዙሕ ጊዜ ዝሰምዖም የለን። ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዓው ኢሎም ውግእ ጠጠው ክብል ግፍዒ ዓመጽ ደው ክብል፥ ሰብ

ብሞራላዊ ሕይወቱ ሕጊ ኣምላኽ ከኽብር ይነግሩ ኣለዉ ከም ዮሓንስ ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸቡን ኣለዉ።

ሰብ ንሓቂ ምቕባል ምስ ኣበየ ዳርጋ ዕዉር እዩ ዝኸውን፥ ኣብ ኃጢኣት ዝተኣልከ ሕይወት ምስ ኣምላኽ ርክብ ስለ ዘይብሉ ንሓቂ ንፍቕሪ ንሰላም ክርኢ ዓይኒ የብሉን። ክርኢ ካብ ኃጢኣቱ ክምለስ ሓጋዚ የድልዮ ከም ዮሓንስ ኮይኑ ብድፍረት ንሓቂ ዝዛረብ ነቲ ክፍኣቱን ጌግኡን ገሊጹ ዝነግር የድልዮ። ኣብ ዓለምና ብዙሓት ንሓቂ ንፈርሓ ንሰባት ጌግኦም ካብ ምንጋር እና ረእና ከምዘይረኣና ንኸውን ገለ እዋንስ ምኽንያት ውድቀቶም ባዕልና ኢና።

ሎሚ ኩሉና ከም ዮሓንስ ንሓቂ ብድፍረት እንነግር ክነክውን ኣሎና። ኣምላኽ ዝኽብረሉ ግብሪ እምበር ሰብ ከማና ክሕጎስ እንገብሮ ክፍኣትን ኃጢኣትን ክንሓድጎ እዋኑ እዩ። ናይ ዘመና ሰማዕታት ናይ ዘመና ሰበኽቲ ወንጌል ንሕና ኢና። ንሰባት ኣብ ኣምላኽ ክቐርቡ እንሕብር እንምህር ንሕና ኢና። ዮሓንስ ንተመሃርቱ ንኢየሱስ ምስ ረአየ ኣብኡ ኣስጊርዎም እዚ እዩ እቲ መስሕ እቲ መድኃኒ እናበለ ኣብ ኢየሱስ ኣብጺሕዎም ንሕና እውን ሓውናን ሓፍትናን ኣብ ኢየሱስ ክነብጽሖም ድላይ ኣምላኽ እዩ።

ካብ መገዲ ኣምላኽ ርሒቑ/ቓ ዘሎ ክንመልስ፥ ተባኢሱ ንዘሎ ክንዓርቕ/ ተሸጊሩ ንዘሎ ክንርድእ ክርስትያናዊ ሓላፍነትና እዩ። እዚ ተልእኮ ንውሑዳት ሰባት ወይ ንካህናትን ኣብ ኣገልግሎት ንዘለዉ ጥራሕ ዝምልከት ዘይኮነ ንነፍሲ ወከፍና ዝምልከት እዩ። እሞ ኣብ ሰናይ ግብሪ ድየ ወፈረ ዘሎኹ ወይስ ኣብ ግብሪ ሰይጣን ኣበሎኹ ክንብል ምስ ሕልናና ክንዛረብ እዚ ምጅማር ሓዲስ ዓመት ዓቢ ጥቕሚ ኣለዎ።

ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ኣብ ሓደ ካብ ስብከቱ (ስብከት 293፡13) ንቅዱስ ዮሓንስ ምስቲ ሓደ ካህን ክገብሮ ዘለዎ ዘመልክት እዩ ይብል። ኣጎስጢኖስ ከስተንትን እንከሎ ዮሓንስ ወንጌላዊ ንኢየሱስ ከም ቃል ኣምላኽ ገሩ ይገልጾ፥ ዮሓንስ መጥምቅ ግን ድምጺ ነቲ ቃል ዝቕድሞ እዩ። ድምጺ ቅድሚ ቃል እዩ። ናይ ሓደ ካህን ተራ ከም ዮሓንስ ምዃን እዩ፥ ድምጺ ንቃል። ሓደ ካህን ናቱ ቃል ከይተዛረባ ብድምጺ ነቲ ቃል ኣብ ልቢ ካልእ ከምዝእቱ ክገብር ኣለዎ። ድምጺ መንጎኛ እዩ፥ ቃል ኣብ ልቢ ክኣቱ ዝሕግዝ። ካርዲናል ራዚንገር ኣብ ናይ ቅ. ኣጎስጢኖስ ክትንትኑ እንከለዉ ኣብ Pilgrim Fellowship of Faith: The Church as Communion (p 164) ኣብ ዝጸሓፎ ዝበልዎ እዩ።

ናይ ሓደ ካህን ሕይወት ከምኡ ናይ ነፍስወከፍ ኣማናይ ሕይወት ድምጺ ናይ ቃል ምዃን እዩ። ንሱ ክልዕል ኣነ ክንእስ፥ ድምጺ ቀንድ ስርሑ ነቲ ቃል ምምሕላፍ እዩ፥ ኣብዚ መሰረት ገርና ክንካየድ ከሎና ኩሉ እንገብሮ ትሕትናን ኣገልግሎትን ንጹር እዩ። ሰባት ኣብ ሕይወት ዮሓንስ መጥምቕ ዝረአይዎ እዚ እዩ። ካህናት ብፍላይ ፌተውራሪታ፥ ኣገልገልቲ ቃል ኣምላኽ እዮም። እቲ ዝዛረብ ዘሎ ዘይኮነስ እቲ ዝዛረበሉ ዘሎ እዩ ዘገድስ። ንኣምላኽ ክንሰብኽ እንከሎና እቲ ቀንዲ እቲ ሰባኻይ ዘይኮነ እቲ ዝሰብኮ ቃል ኣምላኽ እዩ ቀንዲ።

ኣብዚ ሓዲስ ዓመት ከም ዮሓንስ ቃል ኣምላኽ ክንከውን ኣብዚ እንጅምሮ ዓመት ቃልና ግብርና ሕይወትና ኩሉ ነቲ እንኣምኖ ዝገልጽ ኸከውን እዩ ዝድለ ዘሎ። ሰባት ኣባይ እንታይ ይርእዩ ወይ ካብ ዘረባይ እንታይ ይሰምዑ ክንብል ይግባእ። ዝሰብኽ ዝምስክር ውሒዱ ዓለምና ብዓምጽን ኃጢኣትን ተበኪላ እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ሎሚ ከም ዮሓንስ ንሓቂ ዓው ኢሎም ዝዛረቡ ፍትሕን ርትዕን ይጎድል ኣሎ ዝብሉ፥ ሰብ ይብደል ኣሎ ኢሎም ዝዛረቡ ብሕይወቶም ዘርእዩ የድልይዋ ኣለዉ። ነዚ ዝገብሩ ካብ ሰማይ ወይ እውን ካልኦት ዘይንፈልጦም ሰባት ዝገብርዎ ኣይ ኮነን ነፍሲ ወከፍና ግፍዒ ኃጢኣት ክግበር ክንርኢ ከሎና መን እዩ ዝገብሮ ዘሎ ብዘየገድስ

መራሒ ይኹን ማንም ሰብ መራሕ ሃገር ይኹን ሰባኺ ወንጌል ንሓቂ ንፍትሒ ንመገዲ ኣምላኽ ዝጥሕስ እና ረአና ሱቕ ንብል እንተ ኾና ኣብቲ እከይ ግብሪ ኢና ንተሓባበር ኣሎና ስለዚ ኣምላኽ ሒዝና ንሓቂ ደው ክንብል ኣሎና። ዓመትና ፍረ ዝህልዎ ዘመና ተሓድሶ ዝወርዶ ከምዚ ክንገብር ንእከሎና ጥራሕ እዩ።

ኣምላኽ ብኹሉ ተዓሪቑ ዓመት ሰላምን ፍትሕን ሓቅን ዝነግሰሉ ጽጉም ዝርህወሉ እሱር ዝፍትሓሉ፥ ዝሓመመ ዝሓውየሉ፥ ዓድና ዓዲ ሰላምን ፍቕርን ዝገብር ዓመት ይግበረልና።

ንኹልና ርሑስ ሓዲስ ዓመት ምዝርቆስ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ